# ጥርናፈ ስድራ (እንደገና ምርኻብ ስድራ ቤት)

ኣባላት ስድራ ቤት ናይ ሓደ ኣብ ስዊስ ዝነብር ሰብ፡ ከከም ኩነታቱ ተራእዩ ናብ ስዊዝ ክመጽኡ(ክግዕዙ) ይኽእሉ እዮም። ኣዝማድ ወይ እትፈልጥዎም ሰባት(መቕርብ) ክበጽሕኹም እንተ ደልዮም ከከም መበቆል ዓዶም መብጽሒ ቪዛ ክወሃቦም ከመልክቱ(ክሓቱ) ኣለዎም።

## እንደገና ምርኻብ ስድራ ቤት/(ጥርናፈ ስድራ)

ብመሰረቱ ኣባላት ስድራ ቤት (ብቐጥታ ኣዝማድ ወይ ሰብ ሓዳር) ናይ ኣብ ስዊዝ ዝነብር ሰብ ናብ ስዊዘርላንድ ክግዕዙ ይኽእሉ እዮም (Familiennachzug, Familiennachzug|Regroupement familial)። ንመን ኣባላት ስድራ ቤት ክተመልክት ይከኣል ኣብ ዜግነትን መንበሪ እቲ ኣመልካቲ እዩ ዝምርኰስ። ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ (Ausweis F) ዘለዎም ሰባት እውን ኣብ እተወሰነ ኩነታት ስድርኦም ኣምጺኦም ምስ ስድራቤቶም ክሓብሩ(ክጥርነፉ) ይኽእሉ እዮም። ንስድራ ቤት እንደገና ንምርኻብ(ጥርናፈ ስድራ) ዘድሊ ቅድመ ኩነት ኣቐዲምካ ምስ ሓደ ክኢላ ምምይያጥ ኣገዳሲ ምኻኑ ትምሕጸን። ሓበሬታ ካብዘን ኣብያተ ጽሕፈት ይርከብ፡ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ብዝሒ ህዝቢ (ABEV|OPOP)፡ ምምሕዳር ከባቢ(መንበሪ ከተማ) ወይ ወከልቲ ቦታታት እንተግረሽን እየን። ንጥርናፈ ስድራ ዝምልከት ኣመልካቲ ሕትኡ ናብ ቤት ጽሕፈት ኢምግሬሽን ከቕርብ ኣለዎ። ተቐማጦ ከተማታት በርን፡ ቢልን ቱንን ሕቶኹም ናብ ቤት ጽሕፈት ተቐማጦ ምምሕዳር ከተማ(ከባቢ) ኣመልክቱ።
ኣስተውዕሉ፡ ጥርናፈ ስድራ ኣብ ውሽጢ እተወሰነ እዋን (መብዛሕትኡ ግዜ ካብ 1 ክሳብ 5 ዓመት ድሕሪ ናብ ስዊዝ ምእታው) ክሕተት(ክፍጸም) ኣለዎ። እቲ ናይ ግዜ መቓን ንቆልዑ ካብ ንዓበይቲ (ንኣብነት መጻምድቲ) ይሓጽር።

## ምቅርራብ(ምድላው) ንመርዓ

ኣብ ስዊዘርላንድ ዝነብሩ ካብ ወጻኢ ሃገር መጻምድቶም ክምርዓው ዝደልዩን ነቲ መርዓ ንኽዳለው(ክቀራረቡ) መእተዊ ፍቓድ( ቪዛ) ክወሃቦም ክሓቱ ይኽእሉ እዮም። እዚ ፍቓድ እዚ ንመጻምድቲ ቅድሚ መርዓኡ ናብ ስዊዘርላንድ ክጉዓዝን ኣብዚ ክምርዓዉን የኽእሎም።
ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ብዛዕባ'ቲ ሕቶ ኣመልካቲ ይውስን ንዕኡ ዘድሊ ሰነዳትን ልክዕ ኣሰራርሓን ድማ ሓበሬታ ይህብ ።

## መእተዊ/መምጽኢ ቪዛ ናብ ስዊዝ

ንተቐማጦ ብዙሓት ሃገራት(ዜጋታት ወጻኢ) ንኣዝማዶም ክበጽሕዎም ናብ ስዊዘርላንድ ቪዛ ክረኽቡ ቀሊል ኣይኮነን። ምናልባት ናይ ዕድመ ደብዳበን ወይ ናይ ገንዘብ ውሕስነትን (Verpflichtungserklärung|Déclaration de prise en charge) ካብቶም ኣብዚ ዝነብሩ ሰባት የድሊ ይኸውን። ወኪል ስዊዘርላንድ ኣብ ወጻኢ ሃገር ነዚ ጉዳይ ዝምልከት ውሳኔ ይህብ፡ ብዛዕባኡ ዘድሊ ሰነዳትን ልክዕ ኣሰራርሓን ድማ ሓበሬታ ይህብ። ሓበሬታ ካብ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ብዝሒ ህዝቢ ካንቶንውን ይርከብ እዩ Bevölkerungsdienste (ABEV | OPOP)።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/partnership-and-children/family-reunification